# ካብ መስራቲ ማሕበር ተጋሩ ጀርመን

**May 16, 2015**

**<u>ዋኒኑ</u>: ፃውዒት ኣኼባ ኣብ መላእ ጀርመን ንዝነብሩ ተጋሩን ፈተውቲ ተጋሩን ይምልከት**

**ኣብ ከይዲ ምምስራት ዝርከብ ማሕበርኩም ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ ጨንፈር ጀርመን ፥ ተሳትፎ ህዝቢ ዓዲ ሑቼ እቲ ማሕበር ምኧኑ ካብ ልቢ ይኣምን ። ብምኧኑ ድማ ምስ በዓል ዋና እቲ ማሕበር ዝኾነ ኣብ ጀርመን ዝነብር ኩሉ ትግራዋይን ፈታዉን ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ንምምይያጥን ውሳነታት ንምሕላፍን ንጉንበት** 16 (May 16) **ካብ ሰዓት** 14:00 **ጀሚሩ ኣኼባ ይፅውዕ ስለ ዘሎ ኩሉ ትግራዋይ ክርከብ ፤ ብዛዕባ ማሕበርና ክንመያየጥ ፣ ቀፀልቲ ስራሕቲ ኣንፈት ክነትሕዝን ብትሕትና ይዕድም ። እዚ ኣኼባ ናይ ኩሉ ትግራዋይ ብምኧኑ ናይ ዕድመ ወረቐት ወይም ድማ ብዝኾነ ምክንያት እዚ ሓበሬታ ንዘይበፅሖም ኣሕዋትናን ኣሓትናን ንክበፅሖም ንክትንተሓባበር ደጊሙ ብትሕትና ይላቦ ። ኣብቲ ኣኼባ ኣብ ክሊ እዞም ዝስዕቡ ኣጀንዳታት ምይይጥ ክግበር መደብ ተታሒዙ ኣሎ ፣**

1. **ኣብ ዕላማታት እቲ ማሕበር ገላፃ ፣ ኣብ ክሊ ክስርሑ ዝተሓሰቡ ስፉሕቲ ፕሮግራማት ምይይጥ**
2. **እስካብ ሕዚ ብጀርመን ከምኡ እዉን ብብርኪ ኣውሮፓ ዝተሳለጡ ስራሕቲ ሪፖርት ምቕራብን ምምይያጥን**
3. **ዘተ ኣብ ሕገ-ደንቢ ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ-ጨንፈር ጀርመን**
4. **ብዛዕባ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት-ጀርመን ነሓሰ 7ን 8ን ክካየድ ብመተሓባብሪትን መስራቲትን ኮሚቴ ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ ዝተወሰነ መስራቲ ጉባኤ ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓን ፣ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ፌስቲቫልን ገለፃን ምይይጥን ምቛም ነዚ ዘቀላጥፉ ንኡሳን ኮሚቴታትን ካብ ኩሉ ሕብረተሰብናን ክፍልታት ህዝብናን (ዓበይቲ ወለዲ ፣ ደቂ ኣንስትዮ ፣ መናእሰይ ወዘተ.) ዘሳትፍ**
5. **ካልኦት ዝለዓሉ ዛዕባታት**

**<u>ኣኼባ ዝካየደሉ ዕለት</u>:** May 16/2015

**<u>ኣኼባ ዝጅመረሉ ሰዓት</u>:** 14:00

**<u>ኣኼባ ዝካየደሉ ቦታ</u>:** Eschersheimer landstr.105-107, 60322 Frankfurt am Main (Frankfurt Ethiopian General Consulate Hall)

**ሓድነትና ዋሕስ ቀፃሊ ህላወና እዩ!!!**

**ክብርን ሞገስን ንሰማእታትና !!!**

**ካብ መስራቲ ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ-ጨንፈር ጀርመን**